

ቅልጡፍ ጭብጢ

# ናይ ጥዕና ትልሚ ከመይ ከም ትመርፅ ምርዳእ

እዞም ኣብዚ መፅሓፍ ሓቅታት ዘለዉ ነጥብታት ናይ ጥዕና ትልምኻ ንዓኻ ብዝጠቅሙ ነገራት መሰረት ክትመርፅ ክሕግዙኻ እዮም።

## ናይ ጥዕና ትልሚ ክትመርፅ ከለኻ ክትሓስበሎም ዝግብኡ 6 ነገራት ኣብዙይ ኣለዉ፡-

### 1 ቅድሚ ክፍሊታት

እቲ ነቲ ትልሚ ጥዕና እትኸፍሎ ወርሓዊ ክፍሊት እዙይ እዩ፤ ዝኾነ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ምስረኽብካ ናብቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ ክትኣቱ ብቑዕ ኢኻ። እዙይ ናይ ሕክምና ሓገዝ ተጠቐምካ ኣይተጠቐምካ በብወርሑ እትኸፍሎ እዩ። ብሓፈሻ እቲ ኣቐዲምካ እትኸፍሎ ብዙሕ እንተኾይኑ፤ ግልጋሎት ክትረክብ ከለኻ ካብ ጁባኻ እትኸፍሎ ንእሽተይ እዩ።

### 2 ካብ ጁባ ዝኽፈሉ ወፃኢታት

እዞም ወፃእታት ናይ ሕክምና ሓገዝ ክትረክብ ከለኻ እትኸፍሎም እዮም። ከምዚኦም ዝበሉ ነገራት፡-

- ዝቕነስ - እዙይ ኣቐዲምካ እትኸፍሎ እዩ። ዝቕነስ ማለት እቲ ጥዕና ትልሚ ንግልጋሎታት ምኽፋል ቅድሚ ምጅማሩ ዝኽፈልመጠን እዩ። ዝተወሰኑ ትልምታት ዝቕነስ የብሎምን።
- ብሓባር ዝኽፈል – ን ነፍሲ ወከፍ ናይ ዶክተር ምብጻሕ፣ መድሓኒት ወይ ካሊእ ግልጋሎት ዝተወሰ መጠን ንስኻ ትኸፍል እሞ እቲ ዝተረፈ ድማ ትልሚ ጥዕናኻ ይኸፍለልካ።
- ናይ ሓባር መድሕን ሽፋን– ናይቲ ወፃኢ ታት ውሱን ሚኢታዊ ትኸፍል እሞ እቲ ትልሚ ጥዕናኻ ነቲ ዝተረፈ ይኸፍለልካ። ኩሎም ትልምታት ጥዕና ናይ ሓባር መድሕን ሽፋን የብሎምን።
- ካብ ጁባ ዝኽፈል ዝለዓለ መጠን – ኣብ ዓመት እትኸፍሎ ዝለዓለ መጠን – ብጣዕሚ ኣገዳሲ! ኩሎም ናይ ዕዳጋ ቦታ ትልምታት ጥዕና ካብ ጁባ ዝኽፈል ዝለዓለ መጠን ኣለዎም።

### 3 4 ሓፂን ደረጃታት

ትልምታት ብ4 ዝተፈላለዩ ናይ ሓፂን ደረጃታት ዝተደራጀዉ እዮም። እዞም ናይ ሓፂን ደረጃታት እንታይ ክትከፍል ከም ዝግባኣካ ዝሕብሩ እዮም።

| ናይ ሓፂን ደረጃታት | ቅድመ ክፍሊታት | ካብ ጁባ ዝኽፈሉ ወፃእታት |
|---|---|---|
| ትልምታት ደረጃ ፕላትኔም፡- | ዝለዓለ | ዝተሓተ |
| ትልምታት ደረጃ ወርቂ፡- | ልዑል | ትሑት |
| *ትልምታት ደረጃ ብሩር፡- | ማእኸላይ | ማእኸላይ |
| ትልምታት ደረጃ ናሃስ፡- | ዝተሓተ | ዝለዓለ |

*ንውሱናት ሰባት፡ እቶቶም መሰረት ብምግባር፡ ናይ ናሃስ ደረጃ ዝበለፀ መማረፂ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ምኽንያቱ ንዝተሓተ ናይ ጁባ ወፃእታት ፋይናንሳዊ ሓገዝ ስለ ዘሎ።

ኦንላይን ብ
**nystateofhealth.ny.gov**

ብቴሌፎን ብ
**1-855-355-5777**

**TTY**
**1-800-662-1220**

ተወሳኺ >

nystateofhealth™
The Official Health Plan Marketplace

## 4 ሽፋን ዘለዎም ግልጋሎታት

ተወሰኽቲ ግልጋሎታት ትደሊ እንተኾይንካ ሕሰብ። "ደረጃኦም ዝሓለዉ ትልምታት" እቶም 10 ግልጋሎታት ዝሸፍን ኮይኑ እቶም ናይ ጁባ ወፃእታት እውን ተመሳሰልቲ እዮም። ኣብ ሞንጎ ብዝተፈላለዩ ኩባንያታት ዝዋቡ "ደረጃኦም ዝሓለዉ ትልምታት" ዘሎ ፍልልይ ብምትእስሳር ወሃብቲ፣ ፎርሙላ መድሓኒትን ቅድመ ክፍሊትን እዩ። "ደረጃ ዘይብሎም ትልምታት" ሓደ ሓደ ግዘ ከም ናይ ስንን ዓይንን ዝበሉ ንዓበይቲ ዝወሃቡ ተወሰኽቲ ግልጋሎታት ይሸፍኑ እዮም።

## 5 ኣብቲ ምትእስሳር ዘለዉ ዶክተራት

ነፍሲ ወከፍ ትልሚታት ጥዕና ምስ ውሱናት ዶክተራትን ሆስፒታላትን ዝእሰር ውዕል እዩ። ካብቲ ምትእስሳር ወፃኢ ዘለዉ ዶክተራትን ሆስፒታላትን ምጥቃም ወፃኢኡ ዋጋኡ ብዙሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓካይምካ ኣብቲ ምትእስሳር ምህላዎም ኣረጋግፅ።

## 6 ፎርሙላ መድሓኒት

ናይቲ ትልሚ ጥዕና ፎርሙላ መድሓኒት፣ ወይ ዝርዝር ዝተሸፈኑ መድሓኒታት ኣረጋግፅ እሞ እቶም እትወስዶም መድሓኒታት ምሽፋኖምን መእዘዚ መድሓኒት ብዝመላእኻ ቁፅሪ ክንደይ ከም እትኸፍልን ክትርኢ።

ን ዝቕፅል ወርሒ ዝጅምርሽፋን ንምርካብ ኣብቲ ተታሒዙ ዘሎ ወርሒ ክሳብ ዕለት 15 ኣብ ዘሎ ግዜሓደ ትልሚ ጥዕና ምረፅ። መዘኻኸሪ፣ መብዛሕትኦም ሰባት ኣብቲ ናይ ዓመት ክፍቲ ምዝገባ ክምዝገቡ ኣለዎም።

ኦንላይን ብ
**nystateofhealth.ny.gov**

ብቴሌፎን ብ
**1-855-355-5777**

**TTY**
**1-800-662-1220**